## ፍንጣጣ (Syfilis)

ፍንጣጣ ብጾታዊ ርክብ ዝመሓላለፍ ሕማም ኮይኑ እቲ ሕማም ብምኽንያት ጾታዊ ርክብ

ኣብ መንጎ ጾታዊ ብልዕትታትን ወይ ጾታዊ ብልዕትን ከምኡውን ኣብ ኣፍ ወይ ኣብ መሃን ቱስ ዝርከብ ልፋጫዊ ሽፋናትን ብዝፍጸም ርኽክባት ይመሓላለፍ። እዚ ሕማም ኣብ ግዜ ጥንሲን ካብ ኣደ ናብ ቆልዓ ክመሓላለፍ ይኽእል፡ ከምኡውን ደም ብምትሕልላፍ ።

ፍንጣጣ ኣብዘን ዝሓለፋ 10 ዓመታት ካብ ኖርወይ ዳርጋ ጠፊኡ ነይሩ፡ ሕጂ ግን ከም እን ደገና ግኑን/ልሙድ ኮይኑ ይርከብ። ኣብ ኦስሎ ከተማ ኣብ መንጎ ደቂ ተባዕትዮ ምስ ደቂ ተባዕትዮ ግብረ-ስጋ ብምፍጻም ከኣ ኣጸቢቑ ተባረዐ። ኣብ መንጎ ክልተ ኣንጻር ጾታታት' ውን እዚ ሕማም ይርከብ እዩ ። ፍንጣጣ ኣብተን ብናይ ቀደም ኣጸዋውዓ ብሶቭየት ሕብረ ት ዝፍለጣ ሃገራት፤ ኣብ ብዙሓት ዘይምዕቡላት ሃገራትን ኣብ ገለ ዓበይቲ ከተማታት ኣመሪ ካ ግኑን እዩ።

ኮንዶም ምጥቃም ካብ ተመሓላለፊ ሕማም ይከላኸል እዩ። እቲ ኮንዶም ክሳብ ጾታዊርክብ ዝፍጸም ክወጽእ የብሉን።

## ምልክታት (Symptomer)

ፍንጣጣ ኣብ ሰለስተ ደረጃ ይምዕብል።

### ቀዳማይ ደረጃ

ካብቲ ዝተመሓላለፈሉ ግዜ ድሕሪ ሰለስተ ሰሙን ኣቢሉ ኣብቲ እቶም ባክተሪያ ብዝኣተዉሉ ከባቢ ቁስሊ ክወጽእ ይጅምር ። እዚ ቁስሊ መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ከባቢ ብልዕትን ኣንፈ-መዓንጣን ኣፍን ወይ ከኣ ኣብ ካልእ ቦታታት ናይ ኣካልትና ይወጽእ። እቲ ቁስሊ ኣጸቢቑ ኣየሕምምን እዩ፤ ከምኡ ውን ድሕሪ ገለ ሰሙናት ብዘይ ሕክምና ባዕሉ ይጠፍእ እዩ። ኣብ ቲ ጥቓ ዝቖሰለ ቦታ ኸኣ እቲ ጽኪ ሊምፌ ክሓብጥ ይጅምር፡ ነገር ግን ኣየሕምምን እዩ። እዚ እቲ ዘይተስተብህለሉ ቀዳማይ ደረጃ ናይዚ ሕማም እዩ።

### ካልኣይ ደረጃ

እዚ ሕማም ኣብቲ ቀዳማይ ደረጃ እንተድኣ ዘይተሓከመ ድሕሪ ክልተ ኣዋርሕ ኣቢሉ ናብ ካልእይ ደረጃ ይሰጋገር። እቲ ንቡር ምልክት ኣብ ካልኣይ ደረጃ ኸኣ ኣብ ሰብነት ዝተፈላለ ዩ ዕንፍሩራት ይወጽእ፣ ጸጉሪ ርእሲ ይረግፍ፤ እቲ ጽኪ ኣጸቢቑ ይሓብጥ፤ ቁሩብ ረስኒ ይገብ ር፤ ሕማም ርእሲ ይገብር ከምኡውን የድክም።

### ሕቡእ ወይ ዘይረኤ/ድቁስ

እዚ ሕማም ኣብቲ ካልኣይ ደረጃ እንተ ዘይተሓከመ፡ ናብ ሓዲሽ ዘይረአ ስቓይ ዘይብሉ ደ ረጃ ይሰጋገር። ኣብ ጾታዊ ርክብ ከኣ ናይቲ ሕማም ምትሕልላፍውን ይጐድል፤ እንተኾነ ኣ ብ ግዜ ጥንሲ ናብቲ ድቂ ክመሓላለፍ ይኽእል እዩ።

### ሳልሳይ ደረጃ

ድሕሪ ብዙሕ ዓመታት እዚ ሕማም ናብ ሳልሳይ ደረጃ ይሰጋገር። ከምዚ'ኢሉ ድማ ንሓንጎ ልን፤ ሻምብቆታት ልብን፤ ከምኡውን ቆርበትን መለጋግቦ ኣዕጽምትን የጥቅዕ።

## መርመራ (Undersøkelse)

ናብ ሓኪም ኬድካ ናይ ደም መርመራ ብምግባር ሕማም ፍንጣጣ ምህላው ብቐሊሉ ክፍለጥ

ይከኣል እዩ። ካብቲ ዝተበከለሉ ግዜ ጀሚሩ እቲ መርመራ ኣዎንታዊ ክኸውን/ከም ዘለካ ክሕበር ገለ ሰሙናት የድሊ።

## ሕክምና (Behandling)

ፒኒሲሊን መርፍእ 100% ኣንጻር ፍንጣጣ ጽቡቕ ውጺኢት ኣለዎ። ንገለ ሰባት ፒኒሲሊን ቁጥዐ ዝገብረሎም እንተድኣ ኮይኑ ካልእ ጽቡቕ ውጺኢት ዘለዎ መድሃኒታት ይርከብ እዩ።

ቅድሚ ሙሉእ ብሙሉእ ሓዊኻ ኢኻ ትበሃል ጾታዊ ርክብ ክትገብር የብልካን።

## ብነጻ መርመራን ሕክምናን (Gratis Undersøkelse og behandling)

ፍንጣጣ ሓደ ካብቶም ሓደገኛ ተመሓላፍቲ ሕማማት ምዃኑ ኣብቲ 'ሕጊ ክንክን ተመሓልላፊሕማም'ተገሊጹ ኣሎ። እዚ ማለት ከኣ ብነጻ ክትምርመርን ክትሕክምን መሰል ይህበካ።

ሓደ ሰብ ኣንተድኣ በዚ ሕማም'ዚ ተታሒዙ ንምስኡ/ኣ ዝርከብ/ትርከብ ወይ ከኣ ቅድሚ ሕጂ ዝነበረ/ት ብጸይቱ/ብጻያ ምሕባር ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። እቲ ሓኪምን ሕሙምን ነቲ ተመሓላላፊ ሕማም ካበይ ከም ዝተበገሰ ንኽፍለጥ ምትሕብባር ኣገዳሲ እዩ። ዕላምኡ ድማ ነቶም ብግብረ ስጋ ዝተረኻኸቡ ንኻልኦት ከመሓላልፉ ዝኽእሉ ንምምርማርን ንምሕካምን እዩ።